## ህላዊ ዓለማዊ ፖለቲካዊ ኩነታት፡ ናብ’ቲ ዝሓለፈ መድረኽ ዝሑል ኲናት

## ገጹ ይምለስ ከም ዘሎ ዘመላኽቱ ተርእዮታት ይኽሰቱ ከም ዘለው ተገሊጹ።

ግብረ ሽበራውያን ሓይልታት ዘውርድዎ ዘለው ሞትን ዕንወትን ከይኣክል፡ ተነሓናሕቲ ርእሰ ሓያላን ሃገራት ብዓለምን ብዞባን ደረጃ፡ ጸቢብ ረብሓታቶም ከረጋግጹ ክብሉ፡ ኣብ ልዕሊ ፍትሓዊ ሕቶ ኣልዒሎም ዝቃለሱ ህዝብታት ዝገብርዎ ዘለው ኢድ ምትእትታውን ዝፈጥርዎ ዘለው ጎንጽታትን እናበረኽ ይኸይድ ከም ዘሎ ህልዊ ኩነታት ሃገረ ሶርያ ኣብነት’ዩ ክብል ማእከላይ መሪሕነት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ (ደግሓኣኤ) ኣብ’ቲ ብ9 ሚያዝያ 2017 ዘውጸኦ ደምዳሚ መግለጺ ሓቢሩ።

ካብ 6 ክሳብ 9 ሚያዝያ 2017 ኣብ ዝነበረ ግዝያት ሻዱሻይ ስሩዕ ኣኼባኡ ከም ዘሰላሰለ ዝገለጸ፡ ማእከላይ መሪሕነት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ (ደግሓኤ) ስርዓት ህግደፍ ገንዘባውን ነገራውን ጠቕሚታት ክረክብ ክብል፡ መጋበርያ ናይ ወጻኢ ሓይልታት ብምዃን ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ኣሕዋት የመናውያን ኢዱ ብምእታው፡ ኲናት ክቕጽል ንዝገብሮ ዘሎ ሽርሒታት ከም ዝኾነን፡ ነቲ ብከቢድ መስዋእቲ ዝተረጋገጸ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ክዘርጉን ክበታትኑን ብስም ኣግኣዝያውያንን ካልኦትን ዝኸይድ ዘሎ ናይ ሃገራዊ ስራዝነት ኣንፈት ብግቡእ ክቃላዕን ብትረት ክምከት ኣለዎ ዝብል ሚዛን ከም ዘንበረን ድማ ግልጺ ገይሩ።

ማእከላይ መሪሕነት፡ ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ፡ ዜጋታት ኤርትራ ብሰንኪ ጸረ-ህዝቢ መንግስቲ ህግደፍ ዝኽተሎ ዘሎ ኣዕናዊ ፖሊሲ መዓልታዊ ይሰደዱ ከም ዘለው ጠቒሱ፡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ዝበጽሕወን ሃገራት  ብመሰረት ኣህጉራዊ ውዑላትን ስምምዓትን ንመሰል ስደተኛታት፡ ሰብኣዊ መሰሎም ኣኽቢረን ከተኣናግዳኦም ብምጽዋዕ፡ ገለ ሃገራት ኤውሮጳ ኣብ ክንዲ ንጠንቂ ስደት ዝኾነ ስርዓት ዝኹንኑን ዝቕርቅሩን መህደንን መቕተልን ዜጋታት ዝኾኖ ገንዘብ ኣሕቂፎም ከዐግስዎ ዝኽተልዎ ዘለው ግጉይ ፖሊሲ ከስተኻኽሉ ኣዘኻኺሩ።

## ኣብያተ ማእሰርቲ ህግደፍ ከም ንግዳዊ ማእከላት ሓላፍቲ ኮይነን የገልግላ  ኣለዋ

ኣብ’ዛ ብጉጅለ ህግደፍ ትመሓደር ዘላ ኤርትራ፡ ሕጊ ንገዛእ ርእሱ ተኣሲሩ ስለዘሎ፡ ዜጋታት ብዘይምኽንያት ምእሳርን ምፍታሕን ልሙድ ስለዝኾነ፡ ብፍላይ ኣብ  ናይ መንእሰይነት ዕድመ ዝርከቡ ዜጋታት ተኣሲርካ’ዶ ትፈልጥ ዘይኮነስ፡ ክንደይ ግዜ ተኣሲርካ ኢሎም ከም ዝተሓተቱ፡ ኣብያተ ማእሰርቲ ህግደፍ ኣብ’ዚ ወቕቲ’ዚ ብተግባር ናብ ንግዳዊት ትካላት ላዕለዎት ሓለፍቲ  ተቐይረን ከም ዘለዋን  መድረኽ ሓቢራ።

እቶም ስማውያን ሓለፍቲ ገንዘብን ንብረት ኣለዎም ንዝበልዎም ነጋዶን ሰብ ትካላትን ብዘይዝኾነ ጭቡጥ ምኽንያት ከም ዝዳጉንዎም፡ ብመንገዲ’ቶም ኣብ ገበን ዝጠሓሉ ሰብኣውን ዜግነታውን ሓላፍነት ዘይብሎም መርመርቲ ገይሮም ብምስቓይ፡ ካብ’ዚ ክትድሕንን ክትወጽእን እንተደሊኻ ገንዘብ ክፈል ዝብል ሕቶ ከም ዘቕርብሎም፡ ኣብ ቀረባ ጥረ ገንዘብ እንተዘይብሎም፡ ክሳብ ነቲ ትካል ሸይጦም ክኸፍልዎም ከም ዘገድዶምን ገሊጻ።

እቲ ገዛኡ ወይ ትካሉ ክሸይጥ ዝተገደደ እሱር፡ ነቲ ንብረቱ እቶም ሓለፍቲ  ተሚኖም ገለ ብቀጥታ ባዕሎም፡ ገለ ከኣ ብቐረባ ቤተ-ሰቦም ከም ዝግዛእ ከም ዝገብሩ፡ ብከም’ዚ ኣገባብ ንዓመታት ርሂጾም ዘጥረይዎ ንብረት ዝተዘርፉ ዜጋታት ኣዝዮም ብዙሓት ምዃኖም፡ በዚ ኣገባብ ዘይፈልጥዎ ሃብቲ ካብ ዝወነኑ ሓለፍቲ ሓደ ድማ ጀነራል ፍሊጶስ ወለደየውሃንስ ምዃኑን ኣርዲኣ።

## ኣብ ግብጺ ኣብ ልዕሊ ኣብ ጸሎት ዝነበሩ ኣመንቲ ክርስትና ዝተፈጸመ ግብረ-ሽበራዊ መጥቃዕቲ

## ንጸጥታ እታ ሃገር ኣብ ምልክት ሕቶ ኣእትይዎ ከምዘሎ ይግለጽ ኣሎ።

ብ9 ሚያዝያ 2017 ኣብ ግብጺ ኣብ ልዕሊ ኣብ ጸሎት ዝነበሩ ምእመናን ኦርቶዶክሳዊት ቤተ-ክርስትያን ዝተፈጸመ ዘስካሕክሕ ግበረ-ሽበራዊ መጥቃዕቲ፡ ኣስታት 50 ሰባት ህይወቶም ከም ዝሰኣኑ ልዕሊ 100 ድማ ብከቢድን ፈኲስን ከም ዝቖሰሉን ኣብ እዋኑ ምግላጹ ዝዝከር ኮይኑ፡ ብከመይ ተፈጺሙ፡ ልኡኻት ኣሸባሪ ጉጅለ ዳዕሽ፡ ንጥቡቕ ሓለዋ ጸጥታዊ ሰጊሮም ከም'ዚ ዝበለ ተግባር ክፍጽሙ እንከለው፡ እቲ ትካል እንታይ ይገብር ነይሩ? ዝብሉ ንቕንዕናን ተኣማንነትን መሰረት ዝገበረ ዝተፈላለየ ርእይቶታት ይቃላሕ ምህላውን ምንጭታት ይሕብሩ።

ብህዝቢ ንዝተመርጸ ሕጋዊ መንግስቲ መሓመድ ሙርሲ፡ ብሓይሊ ቀይሩ ኣብ ስልጣን ዝመጽአ ፕረሲደንት ዓብደል ፋታሕ ኣልሲሲ፡ መድሕን ስልጣኑ ኣብ ህዝቡን ኣብ ሕጉን ዘይኮነስ፡ ምሉእ ንምሉእ ኣብ ወተሃደራውን ጸጥታውን ትካላቱን ግዳማውያን ደገፍቱን ገይሩ ዝገዝእ ዘሎ ክንሱ፡ ኣብ'ቶም ዝተኣማመነሎም ትካላት ዘይዕግበትን ብልሽውናን እንተዘይህሉ ነይሩ፡ ልኡኻት ኣሸባሪ ጉጅለ መእተዊ ቀዳድ ረኺቦም ከም'ዚ ዝበለ ተደጋጋሚ ዕንወት ከብጽሑ ኣይምኽኣሉን ዝብል መከራኸሪ ነጥቢ ኮይኑ ምህላውን ወሲኾም ኣረዲኦም።

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኒ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 14-04-2017